# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.163 | ሰንበት 9 መጋቢት 2025 | ገጻት ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሲ.ኤፍ.ኤይ. (CFA) . . .



ገጽ 3
ዝሃብተሙ ንጉስ



ገጽ 4
ጾታን ኣከባብን

ገጽ 5
ካብ ተመክሮታት መንግዝያ



ገጽ 7
“እቲ ኣብ ሰውራ እተደርበ . . .




## ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ





ስእሊ - ፈያሜት መስፍን



8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ “ኣግእዞ ደቂ-ኣንስትዮ ንልምዓት” ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 8 መጋቢት ብደረጃ ሃገር ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ተኸቢሩ።

ኣብ'ቲ ሳዕለምት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኸብሉ ኢጋጣሚ ኣብ ዝቐረበ ቃል ማሕበር ናይ ሎምዘበን ጸንበል 8 መጋቢት፡ ምስ ዞባውን ዓለማውን ኩነታት ተኣሳሲሩ ኣብ ልዕሊና ንዘተሰገደደ ማእሊያ ዘይብሮ ብደሆታትን ቅሉዕ ተጻብኦታትን ብልዑል ሃገራዊ ንቕሓትን መኸተን ኣረብሪብና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምውዳድ መሰረታዊ ናይ ልምዓት መደባት ቀሊል ዘይኮነ ጸጋታት ኣመዝጊብና፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ እንሰጋገረሉ መድረኽ ትብዓል ምህላዋ ፍሉይነት ከምዝለዋ ተገሊጹ።

ኣብ መእዲ ትምህርቲ ተፈጢሩ ብዘሎ ምዕሩይ ዕድላት፡ ሱታፊ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ምስ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ እናተመዓራረየ ምምጽኡ፡ ንብሩህ መጻኢ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዝእምት ምዃኑ፡ ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት ድማ መርኣያ ናይ'ቲ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ብንቕሓተን ዕዙዝ ተሳትፎአንን ዘረጋገጽአ ሕጋዊ መሰላት ከምዝኾነ በሪሁ።

እቲ ጸንበል፡ ንተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ቃልሲ ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኡታት ክድምቕ ከሎ፡ ንሓርበኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ህያብ ተበርኪቱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ነበርቲ 13 ንኡስ ዞባታት ከተማ ኣስመራ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ብ5ን 6ን መጋቢት 163 ከረጺት ደም ለጊሰን።

## ዓሰብ - 8 መጋቢት ብልዑል ድምቀት ተዘኪሩ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ- ኣንስትዮ፡ ብደረጃ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ብ8 መጋቢት ኣብ ከተማ ዓሰብ ብልዑል ድምቀት ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ “ኣግእዞ ደቂኣንስትዮ ንልምዓት” ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ፡ ኣብ ኣሃዱታት እዚ ምብራቕ ዝርከብ ደቂኣንስትዮን ነበርቲ ከተማ ዓሰብን ብዝተሳተፍኦ ሰልፍን ስነ-ጥበባዊ መሰናዶኡታትን ዝማዕረገ ጸንበል፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ ከምኡ'ውን ሓለቓ ስታፍ እዚ ምብራቕ ኮሎኔል ጸሃየ ወልዱ ዝርከብዎም ሰብ-መዚ ተሳቲፎም ነይሮም።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ ን/ዞባ ዓሰብ ወ/ሮ ሩታ ተከኤ ድማ፡ መልእኽቲ ማሕበር ኣቕሪባ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ደቂኣንስትዮ ዘርኣየኦ ምዕባለ ክሰምር ምሕሳብ የዋህነት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብሰንኪ ድሑር ልምድታት ካብ ዕድላት ከይፀበቑ በቲ ሓደ፡ ኩሉ መዳያዊ ፍልጠትን ሞያን ክዕጥቃ ድማ በቲ ካልእ፡ ኩሉ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገባ ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወታ ሽልማት ተዋሂቡ።

## ኣስመራ - ኣብ ተመሃሮ፡ ፍቕሪ ስነ-ቕጽሪ ንምስራጽ ዝዓለመ መደብ ተኻዪዱ

ፍቕሪ ዓይነት-ትምህርቲ ሕሳብ ኣብ ተመሃሮ ንምስራጽ ዝዓለመ መደብ፡ “ስነ-ቕጽሪ ቋንቋ ተፈጥሮ'ዩ” ብዝብል ቴማ ብ7 መጋቢት ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ደምበ-ሰምበል ተኻዪዱ።

ሓላፊ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ነጋሲ ወልዱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ዓይነት-ትምህርቲ ቀጽሪ ዝርኣ ድኻም ተመሃሮ ንምምሕያሹ ብደረጃ ዞባ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ክካየድ ምጽንሑ ጠቒሱ፡ እቲ ናይ ዝኸሪ መደብ፡ ወህደት ወለድን ቤት-ትምህርትን ንምሕያል ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ትምህርቲ ስነ-ቀጽሪ ዘተኩረ ምርኢት ብሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ክኸፈት ከሎ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2024/2025 ኣብ ቀጽሪ ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ንዝርከቡ ተመሃሮ ሽልማት ተዋሂቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ መምህር በላይ፡ ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ቀጽሪ ዝበለጸ ውጽኢት ንምምዝጋብ ብዕቱብ ክሰርሓ ብምዝኽኻር፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዘድሊ ደገፍ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።



ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

# ዛዕባ ሎሚ

## ሲ.ኤፍ.ኣይ. (CFA) ፍራንክ
## ዛንታ ባጤራዊ መግዛእቲ ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ

(7ይን መወዳእታን ክፋል)

ሄርሞን ሃብቱ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ኣብ ምስሳይ ሓድሽ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቴክኖሎጂያውን መሳርሒታት ጥራይ ኣይኮነን ክዋሳእ ጸኒሑን ዘሎን። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ፖዝዮዊ ልኡላውነት ከይረጋገጽ ዝጸንሐ ማሕንቖታት ኣርዑት ባጤራዊ መግዛእቲ እውን ርእሱ-ዝኸኣለ ናቱ ቀያዲ ሓይሊ ኣለዎ። እዚ ብዙኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ትንታነኣዊ ጽሑፍ ኣብ መንጎ ግዝኣት ፈረንሳን ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ዝጸንሐን ዘሎን ስምምዓትን ድሕረ-መግዛእታዊ ሓድግታቱን ንሱ ዘስዓቦ ማዕዙቱን ዝድህስስ'ዩ።

***

ዘይፍትሓዊ ስርዓት ምሕደራ ባጤራ CFA ፍራንክ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባል ሃገራት ፍራንክ ዞን እዚም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ቀንዲ ማሰናኸላት ኣውሪዱ ይርከብ፡ ብቐሊሉ ዘይተለዋጢ መጠን ስርዓት-ሸርፊ፡ ድኹም ዓቕሚ CFA ፍራንክ ብመጠን ኤሮ፡ ፈናንሲያዊ ሕጽረት፡ ከምኡ'ውን ነጻ ምንቅስቓስ ርእሱማል ስለዘይብሉ ቁጠባዊ ደረጃ ሃገራት ዞባ ፍራንክ ክገጽ ዕንጋሎ ክሓልፍ ኣይከኣለን። ኣባል ሃገራት፡ በቲ ኣብ መንጎ ፈረንሳን ሃገራት ዞባ ፍራንክን ዝነበረ መጠን ሸርፊ መሰረት፡ ንመልሕቕ ባጤራ ፈረንሳ ብዘይ ገደብ ክልቅሕኡ ዘተባብዖን እዩ። ፈረንሳ ንሃገራት ዞባ ፍራንክ፡ ካብ ሺያጥ ባህርያዊ ጸጋታተንን ካብ ዕቑር ገንዘበንን ፈናንሳዊ ልቓሕ እናሃበት ኑተን ሃገራት ኣህሚላተን እያ። ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ኣንፈት ሃገራት ዞባ ፍራንክ እውን ደድሕሪ ጽላሎት መንግስቲ ፈረንሳ'ዩ ክጽዑ ጸኒሑ።

ካብዚ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ፣ CFA franc ከም ወግዓዊ ባጤራ ናይ ሃገራት ዞባ ፍራንክ ካብ ምቕጻል ሓንሳእን ንሓዋሩን ዝበቕዓሉ መገዲ ሃሰው ንምባል፣ ዝተፈላለዩ መድረኻት ብምውዳብ ሓያሎ ዓውደ ዘተ ይካየዱ ኣለው። ዛዕባ ፈረንሳን ኣፍሪቃን ማበሊ ዝተፈላለዩ ጽሑፋትን መዛርብ ኣርእስቲ መደባት ተለቪዥንን ከምኡ'ውን መወዳወዲ ኣርእስቲ ናይ ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ኮይኑ ይርከብ። ካብ 2024 ጀሚሩ ብፍላይ፡ ካብ ኣርዑት CFA franc ንምግልጋል ብዮዙበሪ ዝቃለሱን ብቐልጡፍ ህላወኡ ዝበቕዓሉ መገዲ ሃሰዉ ዝብሉን ኣማራጺ ድልየታት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናበረኸ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ህጹጽ ሃንቀውታታት ብቐንዱ ምስ ምምጻእ ንኣሸቱ ወለዶ ዝተኣሳሰረ እዩ።




ቅድሚ 2020 እውን ማሕዩር CFA ፍራንክ ዝጸረሩ ዝተፈላለዩ መድረኻት ተሰላሲሎም እዮም። ኣብ ሰኔጋል ንኣብነት፣ ህላወት CFA ፍራንክ ኩብቕዕ ዝጽውዑ ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ኢጋጥሚታትን ተወዲቦም ነይሮም። ኣብ ዝቶዩዱ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት፡ እቲ ሓድጊ መግዛእቲ ዝኾነ ፖዝዮዊ ማሕዩር ኩብቕዕ ሓያሎ ጻውዒታት ቀሪቦም። ናይቲ ባጤራ ስም ብምኹናን፡ ኣብ ፈረንሳ ዝምስረሕ ሃገራዊ ባጤራ ኣድላይነቱ ኩብቕዕ ዝድርኽ ጻውዒት ቀሪቡ። ኣብ ሃገራት ዞባ ፍራንክ ህላውነት ፈረንሳ ኩብቕዕ ካብ ማእከላይ ባእታት ሃገራት ዞባ ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ፈረንሳ ኢዳ ብቐልጡፍ ክትስሕብ ዝድርኽ ተደጋጋሚ ጻውዒታትን ምሕጽንታታትን እውን ክቐርብ ጸኒሑ። እዚ ዓይነት ወህሉል ስምዒታት፡ ህዝባዊ ንቕሓት ብምዕባይ፡ "ልዑላውነት ባጤራ ከይተረጋገጸ ዝመጽእ ሓርነት የለን" ዝብል ሓብራዊ ንቕሓት ኣበሪኹ ይርከብ።

ኣብ ምብራኽ ሓፈሻዊ ንቕሓት፣ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝርከብዎም ነጠፍቲ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ስዑጥበበኛታትን፣ ኣብ ምምሕልላፍ ሓበሬታን ትዕዝብትታትን ዓቢ ተራ ይጻወቱ ኣለው። ኣብ 2011 ንኣብነት፡ ፍሉጥ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ካሜሩን ኣኪሰት ኢካ CFA ፍራንክ ሓደ ካብ ሓለኽቲ ረጃሒታት ኮይኑ ንሃገራት ኣፍሪቃ ወትሩ ኣብ ትሕቲ ምሕር ባርነት የንብረን ኣሎ ብምባል ዘይዕገበትኡ ገሊጹ ነይሩ። ካብ ወሸጢ ፈረንሳ እውን ብዝተፈላለዩ ጸጋማዊ መርገጺታት ዘለዎም ፖለቲካውያን ሰልፍታት ሳሕቲ ኣንጻር ድሕረ-መግዛእታዊ ኣካይዳ ፈረንሳ ዝገልጽ ኩነ ይሰማዕ እዩ። እንተኾነ፡ ኣተሓሳስባ ጸጋማዊ መርገጺ ዘለዎም ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ማሕዩር CFA ፍራንክ ዳግመ-ግምት ክገብረሉ ዘቕርብዎ ጻውዒት ክገጽ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ፖለቲካውን ቁጠባውን ደሞግራፊያዊን ምኽንያታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ማሕዩር CFA ፍራንክ ቀጻልነት ክህልዎ ዝኹበር ተኽእሎታት ትሑት ኮይኑ ይርከብ። ብዙሓ ህዝቢ ፈረንሳ ምስቲ ብዕጽፍታት እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ብዙሓ ህዝቢ ሃገራት ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ ብምንጻጻር፣ መንግስቲ ፈረንሳ ንቁጠባዊ ድሌት ሃገራት ዞባ ፍራንክ ንዝዊሕ እዋን ክጸሮ ዓቕሚ የብሉን። በዚ ድማ፡ ፈረንሳ ብዝተኣማምን መገዲ ኑተን ሃገራት ክትቆጻጸረሉ እትኽእል ዕድላት እናውሓደ ይመጽእ ኣሎ።

ኣባል ሃገራት ናይዚ ወዕልዚ፡ ብኸመይ ኣገባብ እዮን ንሓዋሩ ካብ ኣርዑት ባጤራዊ ድሕረ-መግዛእቲ ክገላገላ ዝኽእላ? ኣብ ዝብል ሕቶ፡ ሓደ ንኩለን ዘሰማምዕ ጠማሪ መፍትሒ ሓሳባት ኣብ ባይታ ኣይወረደን ዘሎ። ገለ ተዓዘብቲ፡ ሓብራዊ መፍትሒ ሓሳባት ክናደ ኣለዎ ክብሉ ከለው፡ ገለ ድማ ብመገዲ ውልቃዊ ተበግሶ ሃገራት መፍትሒ ሓሳባት ክምዕበል ኣለዎ ዝብል ሓሳብ የልዕሉ። እንተኾነ፡ ብደረጃ ውልቀ ሃገራት ዝግበር ፈተናታት ክሰዕ ሎሚ ክዕወት ኣይተራእየን። ውልቃዊ ተበግሶ ሃገራት ዞባ ፍራንክ ዝጭበጥ ፍረ ከየማስከረ ሓያል ዋጋ ከፊሉ'ዩ ቅሂሙ ተሪፉ። ስለዚ ከም መፍትሒ ሓሳባት ህዝብታትን መንግስታትን ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ ኣብቲ ጉዳይ ዘለዎም ሓብራዊ ርድኢት ከዕብዩ የድሊ። ምኽንያቱ ንሓብራዊ ጸገማት ዝፍውስ ሓብራዊ መፍትሒ ዝኸውን ሓሳባት ምርኩብ'ዩ እቲ ቀንዲ ኣማራጺ መገዲ።

ኣብ እዚ እዋን እዚ ሃገራት ቡርኪና ፋሶ፡ ማሊ፡ ኒጀር፡ ጫድ፡ ጋቦን ሴኔጋልን ብልሸው ድሕረ-መግዛእታዊ ውርሻታት ዝኸሰን በሪኽ ደምጺ ዘለዎ ሓድሽ መድረኽ ለውጢ ኣርሒየን ይርከባ። "ነጻ ፖለቲካዊ ሕርያእን ንምውናን ዘኽእለን" ድሓን ኣንፈት ዘለዎ፡ ንኻልኦት ነር ግዝኣታት ፈረንሳ ፖለቲካዊ ኣርኣያ ክኾውን ዝኽእል ግብራዊ ወጽኢት ኣመዝጊበን ኣለዋ። ኣብ ቅርዓት ዓለም፡ ብራኸ ንቕሓት ሃገራት ኣፍሪቃ መመለሱ ምእንቲ ክኽሓሉ፡ መዘምዚ ባህርያት ፈረንሳ ዝቃልዕ ሰፊሕ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት የካይዳ ኣለዋ።

እዘን ሃገራት ኑቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ልኡላዊ መሬተን ዓሲኩሩ ዝበረ ሰራዊት ፈረንሳ ካብ ሃገረን ርያኡ ጠቕሊሉ ከምዝወጽእ ገይረን ኣለዋ። ካብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ 2024 ኣትሒዘን፡ ካብቲ መጋበርያ ሓያላን ሃገራት ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ ቁጠባዊ ቀጸሪ ኢኮዋስ ኣባልነተን ብወግዒ ብምስራዙ ብ"ኪዳን ሃገራት ሳሕል" ዝፍለጥ ሓብራዊ ቁጠባውን ጸጥታውን ዕላማታት ዘለዎ ጥምረት ማስሪተን ኣለዋ። ብዝወሰኸ ናይ ሓባር ቁጠባውን ገንዘባውን ወህደት ንምፍጣርን ናይ ጉዳ ርእሰን ነጻ ባጤራ ንክሕትማ፡ ኣብ ወሸጢ ጥምረት ኪዳን ሃገራት ሳሕል ኣሰታት 5000 ኣባሉ ዝዀነሕ ሓብራዊ ሰራዊት ብምኽታት ድማ ሽበራዊ ንጥፈታትን ዘይርጉእነትን ከብኣን ንምቅላስ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከባ። ብዘይካኡ ሓብራዊ መደብ ተለቪዥን ብምኽፋት ኣንጻር ዝዝርጋሕ ሓበሬታታት "Disinformation" ብሓባር ናይ ምቅላስ መደብ ሓንጺጸን ኣለዋ።

ጥምረት ኪዳን ሃገራት ሳሕል ዋላ'ኳ ካብ ኢኮዋስን ካልኦት ዝተፈላለዩ ግዳማውያን ሓይልታትን ከቢድ ብድሆታት ይገጥሞ እንተሎ፡ እተን ሃገራት ኣንጻር ኩሉ ማሰናኸላት ንምምካትን ኩሉ መዳያዊ ቀራጽ ተበግሶ ወሲደን ኣለዋ። ንኣብነት፡ ኣብ ሃገረን ዝጸንሐ ኢምባሲታት ፈረንሳ ብምዕጻው፡ ምስ ፈረንሳ ብፍሉይ ምስ ሃገራት ምዕራብ ድማ ብሓፈሻ ዝጸንሐን ዘይሚዛናዊ ርክባት ብምድስካል፡ ብኣንጻሩ ምስ ሩሲያ፡ ቻይና፡ ቱርክን ኢራንን ዝኣመሰላ ሃገራት ዘለወን ዲፕሎማሲያዊ ኣማራጺታት ኣሐይለን ኣለዋ። ስለዚ፡ መግዛእታዊ ውርሻታት ፈረንሳ ካብ ሰሩ ዝሑቅል ዘቤታዊ ተበግሶታት ፍረ ክህብ ጀሚሩ ኣሎ። ከምኡ'ውን ኻሲ-ወከፍ ሃገር ደርማስ ዘቤታዊ ሓይሊ መድረኽ ብመድረኽ ክትፈጥር ትጸበት ይግበር። ይኹን እምበር ኣብ ልዕሊ ሃገራት ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ፡ ሱር ሰዲዱ ዝጸንሐ ምዝመዛን ሳዕቤናቱን መሊኡ ተበቲኹ ክበዝል ኣይከኣለን። ፈረንሳ ዋላ'ኳ ሎሚ ካብ ገለ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ንግዚኡ ንይምሰል ተንሳሒባ እንተዛለወት፡ ናብ ታሪኽ 1960ታትን 70ታትን ቁሩብ ንድሕሪት ምልስ ምስ እንብል፡ እዚ ተበጊሱ ዘሎ ሃዋሁ ከይብርዕን ሰግኣታት ኣሎ። ስለዚ፡ እተን ኣርዑት መግዛእቲ ንምስባር ዘንቀዳ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ መግዛእታዊ ሓድግታት ካብ ሰሩ ንምምሓው እዚ ዝስዕብ ቀራጽነት ከበርኽ ዝኽእል ምኽሪ-ሓሳባት ምትግባር የድልየን።

1) ካብቲ ምዕራባውያን ስትራተጂስት ኣቐዲሞም ዘሃንደስዎ (ኣብ ዓረቕ፡ ሶርያ፡ ሊብያ፡ የመን፡ ሱዳን፡ ሶማልያን ኢትዮጵያን) ስርዓት-መንግስታት ምቕያርን መንግስታዊ ዕልዋታት ምኪያድን ኣሰፌብዎ ዘሎ ፍሽለት ከምኡ'ውን ካልእ ዕልዋ-መንግስታት ዘስዓቦ ዕንወት ብምንባብ፡ ናብ ሃናጺ መድረኽ ንምምጻእ ክቕስሞኦ ዝግባእ ኣዝዩ ብዙሕ ተመክሮታት ብምህላዉ ከም መምሃሪ ክወስድኦ ይግባእ።

2) ዋላ'ኳ ካብ ኣርዑት መግዛእታዊ ሓድግታት ፈረንሳ ንምንጋፍ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ስሩመኻታዊ እንተኾነ፡ ኣብ መንገዶም ኣዳህለልቲ ሓይልታት ኣትየም፡ ናብ ዝገበዐ ኣንፈት ክጨውይዎ ስለዝኽእሉ፡ ኑቲ ማበሊ ኩርናዕ ዳግማይ-መኸተ ካብ ቅኑዕ መኣዝን ኣንደልሂጾም፡ ኣንፈቱ ናብ ሓድ-ሕድ ምብልላዕ ገጹ ክጨውይዎ ስለዝኽእሉ፡ ካብ ወሸጣዊ ድርኺት ዝበገሰ፡ ካብ ተዳጋጋሚ ፍሽለት ዘድሕንን ግዳማዊ ምትእትታው ዝኸትእን ብቑዕ ውሕስነት ዘለዎ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ናይ ግድን ምህናጽ የድልየን። እተን ድሕረ-መግዛእታዊ ሓድግታት ግዝኣቲ ካብ ሰሩ ንምምሓው ሰፊሕ ተበግሶ ወሲደን ዘለዋ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ካብቲ ቁርቁስ ስልጣን ዝንቀሎ ኩናት ሓድ-ሕድ ሱዳን፡ መለዮሚ ክኸውን ዝኽእል ግኡዝ ተመክሮን ናይ ቀረባ እዋናዊ ኣብነታትን ክወክሳ የድሊ።

3) ካብ ኣግላሊ ኩነታት ናብ ኣዋሳኢ መድረኽ ንምስግጋር ንሃገራት ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ ኩላተን ዘኽእል ጸዓት ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ኣንፈት መጻኢ እዘን ሃገራት፡ ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ ዝሓተት ተራር ቅድመኩነት ኣብ ቅድመአን ተገቲሩ ይጸንሐን ኣሎ። ኩሉ ግዜ ድማ ናብ ልሙጽ መኣዝን ንምብጻሕን ናብ መድረኽ ብዙሕነት ንምስግጋር ዝኽፈል ዕድላትን ኣዝዩ ከቢድ ጸዓትን ብልሓትን'ዩ ዝሓትት። እቲ ተበጊሱ ዘሎ ምብራኽ ንቕሓት ናብ ግቡእ ሽቶኡ ክበጽሕን ፖለቲካዊ ሕርያእንን ቁጠባዊ ባህግታተንን ምውናን የገድሰን። ኣብ ሓዲድ ኩሉ-መዳያዊ መኸተ ኣንጻር ኩሉ ግዳማዊ ተጻብኦታት ምጽናዕ እዋኑ ዝጠልቦ ቃልሲ እዩ። ኣብ ምዕዋት ማሰርሕ መኸተ ኪጋጥመን ዝኽእል ኩሉ-መዳያዊ ተርባጽ ዝመልኡ ተጻብኦታት ንምምካት፣ ኣብ ማሰርሕ መኸተ ብጽንዓት ዝኸፈል ረዚን ዋጋታት፡ ብመንጽር ግዜን ዕድላትን ብኢጋኡ ምግንዛብ የድልየን።

ኣብ መደምደምታ ለውጢ ኣጠሪሰን ዘለዋ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፣ ኑቲ ዛጊት ተበጊሱ ዝርከብ ኣዝዩ ብዙሕ ብልሓት ዝሓትት እምቢታ ብምዕማቕ፣ ካብ ብልሸው ሓድግታት መግዛእቲ ፈረንሳ ናብ እሙን ዲፕሎማሲያዊ ብዙሓዊ መድረኽ ንምስግጋር ብቑዕ መሰረት ዘለዎ ስትራተጂካዊ መሪሕነት ምህናጽ የድልየን። ዋላ'ኳ ቡርኪና ፋሶ እትርከበን ሃገራት ዞባ ፍራንክ ኣንጻር ወጽዓን ዕብለላን ፈረንሳ ንልዕሊ ዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸልኦ ቃልሲ፡ ናይ ሓጸር ርሕቀት ወጽኢቱ ሃንደራእ ኢልካ ዝግለጽ እንተዘይኮነ፡ መሪሕነቲ ናይዚ ተበጊሱ ዘሎ ቃልሲ ዘውንንዎ ፖለቲካዊ ቀራጽነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምዝመዛ ፈረንሳ ሓንሳእን ንሓዋሩን ዘኽትመሉ እዋን ዝተቓረበ ይመስል።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ሓበን ገብረኣምላኽ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# መዘናጋዒ

ማርታ ክብሮም

## ዝሃብቲሙ ነገስታት



ሱልጣን ሓሰናል፡ ድሕሪ 'ንግስቲ ኤልሳቤጥ ካልኣይቲ' ንበዙሕ ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ንጉስ ኰይኑ ደርኺቡ፡ ቀዳማይ

1. ንጉስ ማሃ ቫጂራሎንግኮርን - ታይላንድ፦ ድምር ሃብቲ ንጉስ ማሃ 43 በልዮን ዶላር ይበጽሕ። ወዲ 67 ዓመት ኰይኑ ዘሎ ማሃ፡ ስልጣን ንግስና ኣብ 2016 ካብ ኣቡኡ ከምዝተቐበለ ይፍለጥ። ስድራኡ ኣብ ታይላንድ ኣስታት 650 ሽሕ ትርብዒት ሜትር ዝኸውን መሬት ይውንኑ፤ካብዚ እቲ 40 ሽሕ ትርብዒት ሜትር ድማ የካርይዎ። ንጉስ ማሃ ኣብ ፋብሪካ ሰሚንቶ ሳይምን ባንክ ሳይምን ብዙሕ ብርኽቲት ኣለዎ። ካብ ዓለም ዝበዝሐ ዋጋኡ ኣልማዝ ምስ ንጉስ ታይላንድ እዩ ዘሎ። ንጉስ ማሃ ኣዝዩ ዝተጋፍሐ ህይወት ስለዝመርሕ ኣብ ገለ ዜጋታቱ ቀጥዕ ብምልዕሉ ንበዙሓት መንእሰያት ንኣካዳ ናይቲ ንግስና ንምንቃፍ ንኣዋርሕ ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

2. ሱልጣን ሓሰናል ቦልኪያህ ብሩነይ፦ 28 በልዮን ዶላር ርእሰ ማል ዘለዎ ሚኒስተር ብሩነይ'ውን እዩ። ምንጪ ሃብቱ ካብ ዕደና ነዳዲ ጋዝን ንወጻኢ ሃገር ሰደድ ኣብ ምግባርን ከምዝኾነ ይግለጽ። ሱልጣን ሓሰናል ኣብ ደረጃ ቀዳሞት ሃብታማት ዓለምና'ውን ተሰሪዑ ኣሎ። ንጉስ ሱልጣን ሓሰናል መንበሪኡ ካብ ዓለም ብዕበዩ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ደርኺቡ፡ መንበሪኡ ህንጻ ኢስታና ኑሩል ኢማን ዝበሃል ኰይኑ ልዕሊ 1778 ክፍልታት ኣለዎ። ልዕሊ 600 መካይን ከምዝውንን'ውን ይፍለጥ።

3. ንጉስ ሳልማን ዓብዱልዓዚዝ፦ ንጉስ ሳልማን ዓብዱልዓዚዝ ናይ ሰዑዲ ዓረብ መጠን ሃብቱ 18 በልዮን ዶላር ኰይኑ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ደርኺቡ። ርእሰ ማል ስድራኡ እንተተደሚሩ ግና ልዕሊ 1 ትሪልዮን ዶላር ሃብቲ ኰይኑ፡ ኣብ ዓለም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ኣሎ። ኣብ ንግዲ ነዳድን ወፍርታትን ሳዕለዋይ ኢድ ብምሓዝ ሃብቲ ናይ ስድራኡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ይፍለጥ። ንጉስ ሳልማንን ስድራ ቤቱን ብዙሕ ውልቃዊ ሃብቶም ዓቃብውያን'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ኣዝዩ ክቡር መንበሪ ቤት ከምዝነብሩን ወሰንቲ ዋጋ ኣሽሓት ዶላራት መካይንን ነፈርትን መራኽብን ከምዝኾኑን ግና ካብ ማንም ሰብ ዘይተኸወለ ሓቂ እዩ።

4. ኣሚር ከሊፋ ቢን ዛይድ ኣል ናያን፦ ፕረዚደንት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከምኡ'ውን ኣሚር ናይ ኣቡዳቢ እዩ። 18 በልዮን ዶላር ሃብቲ ኣለዎ። ምንጪ ሃብቱ ኣብ ኣቡዳቢ ሓላፊ ናይ ወፍሪ ነዳዲ ዘይቲ ብምዃኑ ዝመጸ እዩ። ዋጋ ፍርቂ ትሪልዮን ዶላር ዝኸውን ተረፍ ነዳዲ ዘይቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ባዕሉ እዩ ዝመሓድሮ። ኢሚር ከሊፋ ኣብ ለንደን'ውን ብዙሕ ንዋት ከምዘለዎ ይግለጽ። ቀንዲ ግና ብዘገበሮ ንጥፈታት ግብረ ሰናይ ይፍለጥ።

5. ኣሚር ሽኽ መሓመድ ቢን ረሽድ ኣል ማክቱም፦ ምክትል ፕረሲደንት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኰይኑ ወናኒ 14 በልዮን ዶላር እዩ። ወናኒ ብዙሕ ትካላት ከምዝኾነ ዝፍለጥ ኣሚር ሽኽ መሓመድ፡ ናይ ውልቁ መገዲ ኣየር ኣለዎ። ብዙሓት ዓበይቲ ፕሮጀክታት'ውን ኣብ ትሕቲ ናቱ ምክትታል ደርኺበ። ንዱባይ መለሶካ ብምስፋሕ ደሴታት ምስራሕን ህንጻ ከሊፋን ገለ ካብቶም ኣብ ትሕቲኡ ኰይናም ዝዕደዩ ዘለዉ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት እዮም። ኢሚር ሽኽ መሓመድ ኣብ ምጕያብ ፈረስ ጸቡቕ ምልኩት ከምዘለዎን ንዓዕ ገጥማይ ከምዝኾነን ይግለጽ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ደሕነት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:25 | ፈንቅል |
| 18:01 | ዶክመንት |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሲት ቶም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

#### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድሃይ ኮለጃት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዝናር ጥበባት 08 መጋቢት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ስነ-ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ብኣጋጣሚ 8 መጋቢ ዝቐርብ ምርኢት |
| 19:10 | ዜና (ትግረ) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ-ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ን8 መጋቢት ዝምልከት መደብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ድቃስ ምእባይን ኣፈዋውሳኡን

ድቃስ ምእባይ እንድሕር ተደጋጊሙ ሕዱር ጸገም ክኸውን ስለ ዝኽእልን ጠንቂ ካልእ ሕማም ከይከውንን ብጥንቃቐ ክረአ ኣለዎ። ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ግና ስክፍታ ክፈጥረልና ዝኽእል ተደጋጋሚ ምእባይ ድቃስ ከጓንፈና እኳ እንተኾነ፡ ብዘይካ እቲ ናይ ሓኪም ሓገዝ ባዕልና ክንወስዶም ንኽእል ክንክናት ኣለዉ።

• ጸብ ድቃስ ዘኸትል ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ፡ እንተ ተረኺቡ ምሸት ጸብ ምስታይ ሓጋዚ ምዃኑ ይፍለጥ። ካልኦት ከም'ቲ ናይ ጸብ ትሕዝቶ ዘለዎም ከም ባናና፡ መዓርን እንቋቑሖን ዝኣመሰሉ እውን ምሸት ምውሳድ ንድቃስ ሓገዝቲ እዮም።


• ጸባን ወጽኢታቱን ክርከቡ እንተዘይክኢሎም ምስ ቆጫ ሰርናይ ወይ ሰገም ምሸት ቅድሚ ድቃስ ምብላዕ ዝበለጸ እዩ። ጸብ እንተተሳኢኑ ግና ቆጫ ሰርናይ ወይ ሰገም ንበይኑ ሓጋዚ እዩ። እዚዎም ኣእካል እዚኣቶም እውን ድቃስ ዘኸትል 'ትራይፕቶፋን' ዝበሃል ትሕዝቶ ደርኺቦም እዩ።

• ምሸት ናብ ዓራት ቅድሚ ምኻድካ እትበልዖ መግቢ ፈኩስ ክኸውን ኣለዎ። ድራር ኣዝዩ ከቢድ ወይ ብዙሕ ምስ ዝኸውን ንዝዊሕ ሰዓታት ዓቕሊ ጸቢት ክንብረልካ ይኽእል እዩ።

• ብባህልና፡ ምሸት ኣብ ግዛ ኣብ ዝዘውተር ስርዓት ቡን ዘይምስታፍ። ሓንቲ ፍንጃል እንተኾነት እውን ተኻል ክተሕድረካ ትኽእል እያ። ከም ቡንን ሻሂን ዝኣመሰሉ መስተታት ኣነቓቓሒ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎም፡ ምሸት ንመዕለሊ ኣልካ ኣይተዘውትሮም - ድቃስካ ከህድመልካ እዮም። ስለዚ፡ ነዞም መስተታት እዚኣቶም ቅድሚ ሽዱሽተ ሰዓታት ናይ ግዜ ድቃስካ ካብ ጥቓኻ ኣርሕቆም።

• ንኻልእ ዓይነት ሕማም ብሓኪም ዝተኣዘዘልካ መድሃኒታት ትወስድ እንተዄንካ፡ ድቃስ ካብ ዝኸልኡ ዓይነታት ከይኮኑ ምስ ክኢላ ተዛዚብ ወይ ምስቲ መድሃኒት ዝርከብ ናይ ማሳይታ ጽሑፍ ኣንብቦ።

• ኣብ ኣጋ ምሸት፡ ዋላ'ውን ኣይትብዝሓ፡



ዘስክር መስተ ብፍላይ ኣልኮላዊ መስተ ትጠጥዕ እንተዄንካ፡ ጠንቂ ናይ ድቃስ ምእባይ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ግዜ ምሸት፡ ኣልኮላዊ መስተ ምዝውታር፡ ዓቕሊ ናይ ዘጽብብ፡ ሃተፍተፍ ናይ ዘብል ወይ ናይ ዘበራብርን ረሃጽ ናይ ምብዛሕን ምልክታት ስለዘለዎ፡ ምሸት ኣይትውሰዶ።

• ኣብ ግዜ ለይቲ፡ ድቃስካ መታን ከይትላለፍ፡ ብዙሕ ማይ ወይ ፈሳሲ ሰቲኻ ኣይትደቀስ።

• ምሸት ቅድሚ ድቃስካ ሽጋራ ዘይምስሓብ ወይ ለይቲ ምስ ተበራበርካ ዘይምትካኽ። ምኽንያቱ፡ ሽጋራ ዘቓቕሕ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ፡ ድቃስ ዘይብልካ ለይቲ ከሕድረካ እዩ።

## ሞ በርግ

ሞ በርግ ትምህርቲ ዝጸገበን ኣብ ታሪኽ ስፖርት ኣመሪካ'ውን ስሙ ብልዑል ክብሪ ዝዝከርን እዩ። ኣብ 1906፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓመቱ፡ እዩ ምስ ጸወታ ቫኩ ተላልዩ። ብልዑል ነጥቢ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ምስ ወደአ፡ ካብ ድኻታት ኣይሁዳውያን ስድራ ዝተወልደ ብምንባሩ፡ ናብቲ እኹል ዓቕሚ ዘይብሎም ተመሃሮ ጥራይ ዝኣትውዎ ዝነበሩ ዩኒቨርሲቲ ፕሪንስቶን ኣተወ። በርግ ኣብ 1920፡ ትምህርቱ ክይዛዘመን ኣብ ንኡስ ዕድመኡን ከሎ ቋንቋታት ላቲን፡ ግሪኽ፡ ፈረንሳይ፡ ስፓኛ፡ ጀርመን፡ ጥልያንን ሳንስክሪትን ብዝዋዋእ ክመልኽ ክኣሉ። ጎድኒ ጎድኑ ድማ ኣብ ቫኩ ዝበሮ ብቕዓት ኣማዕበለ።


በርግ ትምህርቱ ድሕሪ ምዝዛሙ ኣብቲ ዝተማሃረሉ ዩኒቨርሲቲ ከም መምህር ናይ ቋንቋታት ኰይኑ ክሰርሕ ጀመረ። ወላ'ኳ ትምህርቱ ክቕጽል ይደሊ እንተነበረ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ግና ክቕጽል ኣይከኣለን።

ድሕሪ ገለ ግዜ ግና ትምህርቲ ሕጊ ንኽመሃር ናብ ኮሎምብያ ከደ። ካብ ክላሱ ከኣ ካልኣይ ኰይኑ ትምህርቱ ዛዘመ። ድሕሪኡ ዋይት ሶክስ ዝተባህለ ኣሰልጣኒ ምስኡ ክጻወት ሓተቶ።

ኣብ 1934፡ በርግ ምስ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ቫኩ ብምዃን ናብ ጃፓን ከደ። ኣብኡ'ውን ኣብ ሓደ መጅዲጂ ዝተባህለ ዩኒቨርሲቲ ናይ ጃፓን መደረ ከስምዕ ተዓደመ፡ ብቛንቋኦም ከኣ ወሃ ዘበለ መደረ ኣቕረበ።

ቅድሚ ናብ ጃፓን ምኻዱ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ንበርግ ከም ሰላዪ ኰይኑ ንኽሰርሕ ቆጺሩዎ ነበረ። ስለዚ ናብ ቶክዮ ምስ ከደ፡ ንሓንቲ ኣመሪካዊት ሓራስ ዝርኢ ማሰሉ ናብ ሆስፒታል ብምኻድ ናብ ናሕሲ ደዩቡ ንታ ከተማ ሰኣላ። ኣብሪርቲ ድሕሪኡ ከምዝገለጽዎ፡ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንታ ከተማ ብቦምባ ክድኩዕዋ ከለዉ በርግ ብዝሰኣሎም ስእሊ ተመሪሖም እዮም።

በርግ፡ ኣመሪካ ኣብ 1941 ናብ ኩናት ምስ ኣተወት እዩ ብወለንትኡ ክሕግዝ ተበገሰ። ድሕሪ ምዝዛም ኩናት ናይ ክብሪ ኣምባሳደር ላቲን ኣመሪካ ክኸውን'ውን



ሕቶ ቀረበሉ። ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዝበሮ ጻንሒት ወዲኡ ናብ ኣመሪካ ምስ ተመልሰ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወኪል ስለያ ክሰርሕ ጀመረ። ቀጺሉ፡ ናብ ዩጎዝላቪያ ብምኻድ ስለያዊ ንጥፈታት ኣካዪዱ ተመልሰ። ወላ'ኳ ተመራማሪ ኣይኹን፡ ከኣታት ጀርመን ኣብ ምፍራይ ኣቶሚካዊ ቦምብ ክከታተል ተማሃዘ። ኣብ ውሑዳት ሰሙናት፡ ንኣብሱ ብዙሕ ነክለር ፊዚክስ መሃረ።


ናብ ኤውሮጳ ብምጕዓዝ ኣብ ኖርወይ ዝርከብ ሓደ ፋብሪካ ንስርዓት ናዚን ሓይልታት ኪዳንን ዝኸውን ኣቶሚካዊ ቦምብ የፍሪ ከምዘሎ ኣረጋገጸ። ቀጺሉ በርግ፡ ኣብ ዱይስበርግ - ጀርመን ምርምር ዘካይደሉ ቦታ ከምዘሎ ምስ ሓበረ፡ እቲ ቦታ ብቦምባ ደምሰሶ።

በርግ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ 1927 ምስ ክሉብ ብሩክሊይን ክጻወት ጀመረ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞ፡ ናብ ቀላባይ ተቐየረ። ንመላእ ህይወቱ ድማ ከምኡ ኰይኑ ቀጸለ። በርግ ምስ ዝተፈላለዩ ጋንታታት እኳ እንተተጻወተ፡ ዝበዝሐ ግዜኡ ግና ኣብ ጋንታ ዋይት ሶክስ ኰይኑ እዩ ተጻዊቱ። ምስ'ታ ጋንታ 106 ግዜ ተጻዊቱ። ብሓፈሻ 243 ግዜ ተጻዊቱ። ንዓዕ ቀላባይ ከምዝበረ ዝነገረሉ በርግ ኣብ 117 ጸወታ ዝኾነ ጎል ከምዘይኣተወ ዝተረጋገጸ ስፖርተኛ እዩ። እዚ ክብሪ ድማ ን12 ዓመታት ከዕቅቦ ክኢሉ እዩ።

በርግ ንሓደ ወርነር ሀይሰንበርግ ዝተባህለ ጀርመናዊ ክኢላ ኣቶሚክ ፊዚክስ ብዛዕባ ኣቶሚካዊ ቦምብ ክምህሮ ሓተቶ። ሓደ መዓልቲ ወርነር፡ ጀርመን ኣብ መዳይ ኣቶሚካዊ ቦምባ ልዕሊ ኣመሪካ ጽብለልታ ከምዘለዋ ገለጸሉ።

ፕረሲደንት ሩዝቨልት ንጹብጹብ በርግ ኣንበበ። በርግ ንኸኣታት ጀርመን ንምስላይ ኣይሁዳዊ ብምንባሩ ንህይወቱ ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ ኣብ 1944 - 1945 ኣብታ ሃገር ንክልተ ዓመታት ብምቕማጥ ጀርመናውያን ተመራመርቲ ኣቶሚክ ብውተሃደራት ኣመሪካ ንኽተሓዙ ዓቢ እጃም ኣበርከተ።

በርግ ኣብ ምዝዛም ኩናት፡ ንሓደ ሲቪል ሰብ ኣብ ግዜ ኩናት ብዘበርከቶ ዝወሃብ ዝለዓለ ሽልማት ክሽለም ተሓጽዩ እንተኾነ ንእኡ ከምዝይብቕዕ ብምግላጽ ነቲ ሽልማት ነጸጎ። ድሕሪ ምዝዛም ኩናት ክሳብ ኣብ መበል 70 ዓመቱ ዝሓርፍ ኣብ ኒዋርክ ተቐሚጡ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ተመክሮታት መጓዓዝያ

### 2ይ ክፋል

ሰውእ የማነ ዘረብኡ ብምቕጻል፡ "ምስ ምሕራር ከተማታት ምድላብ መካይን ብተዓጻጸፊ እናዓበየ ከይዱ። መጀመርያ ኣብ ቅሮራ ክልተ ማግ ካብ ጸላኢ ተሰሊብን። ቅሮራ፡ኣብ ጥሪ 1977'ያ ሓራ ዝወጸት። ሽዑ እታ ሓንቲ ማኪና ጥዕይቲ እታ ካልኣይቲ ግን ሓሪራ'ያ ነይራ። ነታ ዝሓረረት ማኪና ግን፡ ከምኡስ ተገይሩ ኣይፈልጥን፡ ብገለ ምህዞታት ከም እትንቀሳቀስ፡ ዋላ ኣብ ሓጺር ቦታታት በጺሓ ከም ትምለስ ተገብረ። ኣብ ናቕፋ'ውን ሓንቲ ቦጥ ዓሰርተ ድማ ካሶኒ ወይ ደረቕ ጽዕነት፡ ብኣጣቓላሊ 11 ማካይን ተሰሊብን። ናቕፋ ኣብ 22መጋቢት 1977'ያ ሓራ ዝወጸኣት። እተን 76 ኣብ ከባቢ ሓመድሉል ማኪና ባዕላ ዘይኮነት ትኸይድሲ፡ መራሕ ማኪናን እቶም ምስኡ ዝጓዓዙ ዝነበሩ ተጋደልቲ ዳርጋ ተሰኪሞም'ዮም ናብቲ ዝድለ ቦታ ዘብጽሑዋ ነይሮም ክትብል ትደፍር። ማኪና ክትሽከል ከላ፡ ብባዴላ ፍሒርካ ዘይኮነስ፡ ብሳኛ ኢያ ትወጽእ። እቲ ሳኛ 20 ኪሎ ዝኸውን ላሜራ (ጸፊሕ ሓጺን) ኢዩ። ነዚ ኣብ ትሕቲኣ ኣእቲኻ እታ ማኪና ረጊጻቶ ምስ ሓለፈት፡ ብኡንብኡ ፍሒርካ ክተውጽኦ ኣሎካ። ብሕቖኻ ተሰኪምካዮ ብምጉያይ ድማ ከይተሸኽለት ከላ ተቐላጢፍካ ኣብ ቅድሚኣ ክተንጽፈላ ኣሎካ። እታ ማኪና ሰዓት ኣርባዕተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ኣቢላ ተበጊሳ ሰዓት ሽዱሽተ ንግሆ ክሳብ ትዕሽግ ከምዚ እናገበርካ ምስራሕ ብሓቂ ከቢድን ኣድካምን ሰዋክን ድማ፡ ነቲ ዛንታ መጓዓዝያ ብከምዚ የጠቓልሉ፡ "መጓዓዝያ ዝያዳ ጉሉሕ ወይ ድማ ዝለዓለ ምዕባለ ኣርእዩ ዝበሎ፡ ኣብ 84-85 ሓያለይ ወራራት ጸላኢ ድሕሪ ምፍሻሎም ኢዩ። ብፍላይ ካብ 85 ንነጀው ብርክት ዝበላ ሓደስቲ መካይን ብደገ ክኣትዋ ስለዝኸኣላ፡ ዓቕሚ መጓዓዝያ ህዝባዊ ግንባር ብሓንሰብ ክብ ክብል ክኢሉ። ንሰራዊትን ህዝብን ዘድሊ ስንቂ፡ ነዳዲ ይኹን ካልእ ነገራት ኣብ ምግዕዓዝ ድማ ዝለዓለ እጃም ሒዘን። ካብኡ ኣትሒዙ እዚ ናይ መጓዓዝያ ትካል፡ ብኣወዳድብኡ፡ ብብዝሒ መካይን ከምኡ'ውን ብስፍሓት ናይ ስራሕ መደባቱ ክሳብ'ዚ ሰዓት'ዚ እናሓየለን እናማዕበለን ክመጽእ ጸኒሑ'ሎ።"



ኣመለኻኽታ ስራሕ ኣብ ከተማን ኣብ ሰውራን፡-

ነዚ ዘገርም ወግዖም ምስ ሰማዕካ ኣብ ኣእምሮኻ ህሩግ ዝብለካ ሕቶ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶምሲ ብኸመይ ድዮም ዝዓዩ? ወይ ነቲ ስራሕ ብኸመይ ድዮም ዝጥምቱዎ? ዝብል ኢዩ። ንኣረኣእያኦም ኣብ ስራሕ ምስቲ ናይ ከተማ ብምንጽጻር ብ/ሚካኤል ዛይድ (ሞምበሳ) ሓላፊ ጋራጅ መራፌት ኣሕጽሮ ኣቢሉ ከምዚ ክብል ገሊጹዎ፦ "ኣብቲ ሕብረተሰብ፡ ብቀዳምነት ካብ ስራሕ ከይትሰገጉ፡ ካልኣይ ከኣ ንስኻ ብውልቂ እትጥቀመሉ ረብሓታት ንምርካብ ኢኻ ትሰርሕ። ድሲፕሊን ከኣ፡ ተረዲኡካ ንክትሰርሓሉ ንኽትተሓዝ ዘገልግል'ዩ ነይሩ። ኣብ ሰውራ ግን ከምኡ ኣይኮነን፡ "ይብል።

ቀጺሉ ሓላፊ ምውፋር በረፍ ዝነበረ ፍስሃ ወልደሊባኖስ፡ ከምዚ ይብል፦ "ኣብ ከተማ ከለኹ፡ ነቲ ስራሕ ከም ናተይ ኣይርእዮን ነይረ። ናተይ ዝብለን እተን ደሞዘይ ጥራይ ስለዝኾና ብዛዕበኣን ድማ ይሓስብ ነይረ። እቲ ስራሕ ግን ከም ለጠፍ ወይ ከም መምርሒ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ሓንጎለይ ወይ ኣብ ኣተሓሳስበይ ብዙሕ ቦታ ኣይነበሮን።

ኣብ ሰውራ ግን፡ እታ ማኪና ናተይ ምኳና እምነት ኣሎኒ። ከይትትንከፍ፡ ሸግር ከይገጥማ፡ ከይትባለሾ ብቀጻሊ እጥንቀቐላ። እታ ማኪና ክትሰርሕ ኣለዋ ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ወይ ከኣ እታ ማኪናሲ ህይወተይ ኢያ፡ ህይወት እታ ማኪና ክሕሎ ከኣ፡ ኣነ ዝያዳ ጉልበት ከፍሰሰላ ክከናኸና ኣሎኒ ዝብል ኣብቲ ሕብረተሰብ ምሳይ ዘይነበረ ኣተሓሳስባታት ሒዘ ክንቀሳቐሳ ጀሚረ።

**ይቕጽል.........**

ትሽዓተ ማግ ክኾና ከለዋ፡ ሓንቲ ማርቸድስ ነይራ። ንመጀመርያ ግዜ ሓንቲ 23 በርሚል እትሕዝ ቦጥ ማግ ንሱዳን ተሰዲዳ። እዚኣ፡ ካብቲ ነዳዲ ብበርሚል ኣብ ሎሪ ጽዒንካ ክተምጽእ ከሎኻ ዘጋጥም ዝነበረ፡ ናይ ምፍሳስ፡ ምቕዳድን ምርጋፍን ሽግራት እተገላግል ኮይና። እታ ማኪና ኩሉ ኣካላታ ብጠያይት ዝተበሰዐ ስለዝነበረ፡ ኣብ መንገዲ ዝርእያ ነፍሰ-ወከፍ ሱዳናዊ ይገርሞ ነይሩ።"

ድሕሪ ቅሮራን ናቕፋን እታ ናይ መወዳእታ ካብ ኣውራጃ ሳሕል ብዕለት 06 ሚያዝያ 1977 ሓራ ዝወጸኣት ከተማ ኣፍዓበት'ያ።

ኣብ ኣፍዓበት'ውን፡ ሓንቲ ማርቸድስ ጸኒሓ። ተጋደልቲ ነዚኣ'ውን ዝገበሩ ገይሮም ኣተሲኦማ። ኣብ ስራሕ ከም እትሳተፍ ድማ ገይሮማ። ኣብቲ እዋን'ቲ እቶም ተጋደልቲ እናተጣበቡ ሓንቲ ናብ ሓንቲ እናለቓቐቡ ብምጽጋን ንዝኾነት ማኪና ከም እትኸይድ ናይ ምግባር ህርፋን ነይሩዎም። 'ዝቃለስ ይዕወት' ከምዝባሃል ድማ ይዕወቱ ነይሮም። መካይን ሰውራ ድማ ሓደ ክልተ እናበላ ክስስና ጀመራ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ማኪና፡ ምምራሕ ክሳብ ክንደይ ኣጸጋሚ ከምዝነበረ ተጋዳላይ ኢዮብ ማንጁስ ከምዚ ክብል ገሊጹዎ፦ "ኣብ ብምኳኑ ተጋዳላይ ዓቢ ናይ ጉልበት መስዋእቲ ይኸፍል ነይሩ።

መጓዓዝያ ሰውራ ብኸምዚ ታተ ክብል ድሕሪ ምጽናሕ ብዝላ ዓቢ ዓቕሚ ዝደለበ ግን ምስ ምሕራር ከተማ ከረን እዩ። ከረን፡ ኣብ 8 ሓምለ 1977'ያ ሓራ ዝወጸት። ኣብ ከረን ዝተረኽባ መካይን ብርክት ዝበላ'የን። ሽዑ ካብ ዝተሰልባ ማግ ጥዑያትን ዝተበላሸዋን ዝርከባኦን ዝርከባኦን ክሳብ 350 ማካይን ተረኺበን። ብዘይካ እዚኣተን ካብ ኣስመራ በብግዚኡ ዝወጻ ይኹና ኣብ መስመር ባጽዕ ካብ ኮሎኛታት ጸላኢ ዝተሰልባ ሓያለይ መካይን'ውን ነይረን። ምስዚ ጋራጃትን ማዕቀሪ ነዳድን እናዓበየ ከይዱ። ህዝባዊ ኣገግሎት ተኸፊቱ። ናይ ክኢላታትን መራሕቲ መካይንን ዓቕሚ'ቲ ወድብ'ውን ክብ ኢሉ። ክሉ'ዚ ተደማሚሩ ኣብ እዋን ምዝላቕ 1978 ሰብን ንብረትን ወድብ ኣብ ምጉዕዓዝ ዝተጻወቶ ተራ ድማ ብቐሊል ዝግመት ኣይነበረን። ነቲ ናይ ገለ ማካይን ካብ ምዝላቕ ክሳብ 1985 ዝነበራ እዚኣን ኩላተን ካብ ጸላኢ ዝተመንዘዓ ነይረን።

እተን ብሓደ ክልተ ትራክተር ዝፈለመ መጓዓዝያ ህ.ግ. ማርቼድስ፡ ማግ ኤኔትሬ እናበለ እቲ ቁጽሪ ካብ ዓሰርተታት ናብ ኣማኢት ክበጽሕ ክኢሉ።

ተኸስተ ኣርኣያ ካብ ጋራጅ

## እዛ ስእሊ ኣብ ታሪኽ



ትማሊ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ እያ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ውሑድ ካብዚ ብዙሕ ተራ ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ታሪኽና ምዝካር ኣገዳሲ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ካብቲ ማእለያ ዘይብሉ ታሪኽ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ብዛዕባ እዛ ንርእያ ዘሎና ስእሊ ቁንጭል ክነብለልኩም። እወ! ድሕሪ ሓርነት ኣፍዓበት 1977 መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ኣፍዓበት፡ ደርጋ ቅድድም ብዝመስል መልክዕ ናብ ሰውራ ዝተጸንበራሉ መድረኽ'ዩ ነይሩ። ሽዑ ገሊኣን ከምዚኣን ንርእየን ዘሎና ብመሳርዕ ገሊኣን ድማ በብዝጥዕመን ብተናጸል ናብ ሰውራ ወሓዛ። ከም ኣብነት ነዚኣ ንርእያ ዘሎና መስርዕ ደቂ ኣንስትዮ ኣፍዓበት፡ ቀዳማይቲ መርየም ሓጂ፡ ኣባል ጨንፈር መጓዓዝያ ዞባ ዓንሰባ ኣሃዱ ምዝገባን ላይሰንስ፡ ካልኣይቲ ኣምና ሓሰን ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ሳልሳይቲ ሓዋ ሓምድ (ጓላ ንሓርበኛ ዘይነብ ያሲን) ኣብ ሚንስትሪ ዕዮ ዞባ ዓንሰባ ዘለዋ'የን።

ካብዛ መስርዕ እዚኣ በመስዋእቲ ዝተፈልያ፡ ኣምና ዑመር፡ ራየት ህብቴስ፡ ፋጥና ሓመድኖር፡ ከዲጃ ሳልሕ፡ ከምኡ'ውን ካብተን ቅድምን ድሕሪን እዚ መስርዕ'ዚ ናብ ሰውራ ዝተጸንበራ ሰውኣት፡ ዓለውያ፡ ዓሻን ፍጉረትን ክጥቀሳ ይኽእላ። ስለዚ ብሓፈሻ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ልዑል ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

## ንሓፈሻዊ ፍልጠት

1. መስራቲ ጉባኤ ሃማደኤ መዓስን ኣበይን ተኻዪዱ?
ሀ. ብለቓት 1977 ለ. ዓሬርብ 1987 ሐ. ኣራግ 1979


2. ብዝሒ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰውራ ክንደይ ካብ ሚእቲ ነይሩ?
ሀ. 30% ለ. 20% ሐ. 10%

3. ኣብ ህ.ግ. ንፈለማ ዝተሰለፋ ደቂ-ኣንስትዮ መዓስ ነይሩ?
ሀ. 1972 ለ. 1973 ሐ. 1974

4. ኣብ 1978 ነተን ብብዝሒ ብሓንሳብ ናብ ህ.ግ. ዝተሰለፋን ኣብ ብለቓት ዝተዓለማን ደቂ-ኣንስትዮ ዝተዋህበ ስያሜ?
ሀ. ላኦስ ለ. ቬትናም ሐ. ካምቦድያ

**መልሲ ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ**

## ካብ ካርቶናት ገድሊ




ምንጪ= መጽሔት ካርቱን ሓርበኛ ጥሪ 1991

## መልሲ

1. ሐ/1979 ኣራግ
2. ሀ/ 30%
3. ለ/1973
4. ሐ/ካምቦድያ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Mine surveyor** |
| **Department** | **Mine operation/ Survey** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mine Chief Surveyor** |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | **To maintain accurate plans of the Mine. To maintain accurately measure and recording mine workings. To ensure the safe handling, storage, and transportation of Survey equipment.** |
| **Duties:** | - Responsible for maintaining an accurate plan of the mine as a whole and will update maps of the surface layout to account for surveying the open pit mine workings to keep a record of the mining operation.<br>- Collect data about landscape features for engineers, including the positioning of objects, land contours, and materials below the earth's surface.<br>- Measuring process to calculate ore production, in volume or mass units, from the mining operation.<br>- Survey the volume of the dumps of waste accumulating on the surface of the mining property.<br>- Different methods are used to gather data needed for construction, such as geo-mechanic and geo-matic surveys, geospatial measurements, and feasibility surveys.<br>- Prepare reports daily, weekly, and monthly for the senior surveyor.<br>- Advising engineers about earth's materials.<br>- Convert mine planning conceptual layouts into survey data.<br>- Execute surveying activities assigned by Senior Surveyor/Engineer to standard.<br>- Establish and conduct pit wall monitoring.<br>- Plan and coordinates surveying activities for underground and surface mining operations.<br>- Ensure compliance with safety regulations and standards of Zara Mining Share Company.<br>- Ensure alignment of the Underground Development and Stope rings are accurate with design. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Diploma in Surveying |
| **Working Experience – Nature & Length** | Relevant surveying experience in an open pit surface and Underground mining environment is required. |
| **Other skills and abilities** | Knowledge about safety regulations.<br>It is being able to manage time effectively.<br>English Strong written and spoken communication.<br>Critical thinking skills.<br>Ability to analyze graphical data.<br>Teamwork abilities.<br>Computer literacy in Microsoft office word, Excel & power point programs.<br>Knowledge about CAD & Surpac programs and surveying technology.<br>Ability to prioritize effectively.<br>Ability to work with high accuracy levels |

- Salary: according to the Company's salary scale.
- Place of work: Zara Mining Share Company Koka Gold Mine Zoba Gash Barka.

Additional Requirement for nationals: Having fulfilled their National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense—present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO HR office. Asmara

Address: Zara Mining Share Company P. O. Box 2393. Asmara,

Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

7 days. from the of announcement

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

# ማን ሲቲ ብኖቲንግሃም ተሳዒራ

## ማን ሲቲ - ካብ ዝተሸሸለቶ ሰልሚ ምውጻእ ዝተሸገረት ዓባይ ጋንታ

ናይ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመተ-ስፖርት ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ዝኾነት ማን ሲቲ፡ ትማሊ ቀዳም ድኽም ቁመናኣ መሊሱ ጎሊሑ - ድሕሪ ብኖቲንግሃም ምስዓራ።

ኣብ ሜዳኣ ዝተጻወተት ኖቲንግሃም፡ ነዚ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ማን ሲቲ፡ ብሓንቲ ነጥቢ በለጸ እያ ተጻዊታ። እዚ ወቕቲ ዘይምእመኣ ዘሎ ማን ሲቲ፡ ዝመጽእ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትሳተፍ እንተኾይና፡ ኣብዚ ወቕቲ እንተውሓደ ሒዝቶ ዘላ ራብዓይ ደረጃ ክትዕቅቦ ኣለዋ። ትማሊ'ውን ንኖቲንግሃም እንተትስዕራ ደረጃኣ ናብ ሳልሳይ ክብ ከተብል ዘኽእል ዕድል ነይሩዋ እዩ።

ይኹን እምበር፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ቁመናኣ ፈሪሱዋ ዘሎ ሲቲ፡ ወላ'ኳ ሚዛን ጸወታ እንተተቖጻጸረቶ፡ ካብቲ ዝፈተነቶ 14 ኳዕሶ፡ እተን ሰለስተ ጥራይ ኣብ ዕላማ ኣህሪማተን። ልዕሊ ኖቲንግሃም ክበስዕ ዘኽእል ዓቕሚ ግን ኣይነበራን።

ብኣንጻሩ፡ ሉምዚበን ብኣላይነት ኑኖ ኦፒሪቶ ሳንቶ ዕውት ግዜ ተሕልፍ ዘላ ኖቲንግሃም፡ ሓላዊ ልዳት ሲቲ - ኢደርሶን ዘምከነን ሓደገኛታት ፈተነ ኣካዪዳ። ብተደጋጋሚ እውን ንልዳት ሲቲ ኳሕኪሓ። ኣብ መበል 83 ደቒቕ ሰሊጥዋ ድማ ብመገዲ ካሉም ሁድሰን-ኦዶይ ሸቶ ኣቐጺራ። ዝሓለፈ ዓመታት ድላየን ክገብራ ዝኽእላ ዝነበራ ኣእጋር ተጻወቲ ማን ሲቲ፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣይግድን። ነዛ ሸቶ ዝኸውን ግብረ-መልሲ እኳ ኣይነበራን። በዚ ድማ ኖቲንግሃም ኣገዳሲ ናይ 1-0 ዓወት ኣመዝጊባ።



ምስ ሲቲ ዘለዋ ፍልልይ ናብ ኣርባዕተ ክብ ኣቢላቶ ዘላ ኖቲንግሃም፡ ዝመጽእ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ ሕልማ ክውን ንምግባር ዝውሓደ ዕማም ተሪፉዋ ይርከብ። ኣብዚ 10 ግጥማት ጥራይ ተሪፉዎ ዘሎ ፕሪመር ሊግ፡ እትኸስሮ ነጥቢ ብምውሓድ ቦታኣ ከተውሕስ ትጽበ ይግበረላ።

ኖቲንግሃም፡ ንፈለማ ግዜ ሻምፕዮንስ ፕሪመር ሊግ ንዝኾኑት ክለባት ትማሊ እያ ስዒራ - ድሕሪ ታሕሳስ 1994። ናብ ፕሪመር ሊግ ኣብ 2022 ካብ እትምለስ ድማ ንፈለማ ግዜኣ እያ ንሲቲ እትስዕራ ዘሎ።

እዛ ጋንታ ሉምዚበን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘዕተዋ ትኬት እንተቘረጸት ድሕሪ 1979-80 ናይ ፈለማ ክኸውን እዩ። ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብቲ እዋን ዋንጫ ኤውሮጳ (ኤውሮጵያ ካፕ) እናተባህለ እንከሎ፡ ኖቲንግሃም፡ ኣከታቲላ ኣብ 1978-79ን 1979-80ን ተዓዊታትሉ ነይራ።

ኣብዚ ወቕቲ ብኹሉ መዳይ ቁመናኣ ፈሪሳ ዘላ ማን ሲቲ ግን፡ ፍልልያ ኣጸቢባ ደረጃኣ ክብ እትብሉሉ ዝበለጸ ዕድላ እያ ከሲራ። ብሓንቲ ነጥቢ ካብኣ ድሒራ ዘላ ቸልሲ፡ ሎሚ (ሰንበት) ንሌስተር ሲቲ እንተሰዒራታ፡ ቦታኣ ክትምንጥላ እያ። ነውካሲል፡ ጸግሒ ሰኑይ ንዌስት ሃም እንተኣሰኒፋታ'ውን ማዕረኣ 47 ነጥቢ ክህልዋ እዩ። እዚ ማለት፡ ንመበል 15 ግዜኣ ብተኸታታሊ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምስታፍ ኣብ እትገብሮ ዘላ ቃልሲ፡ ተወሳኺ ብደሆ ኮይኑዋ ኣሎ።

ሲቲ ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ብምዕዋት፡ ነተን ጋንታታት ከምዝተብለለተን ኑቲ ሊግ ከምዝተመላኸቶ ኣርእያ ነይራ። ዝዓበየትን ዝሓየለትን ክለብ ምዃኑ'ውን ኣመስኪራ ነይራ - እዛ ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ዓመተ-ስፖርት ሽዱሽተ ግዜ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለት ማንቸስተራዊት ክለብ፡ ሉምዚበን ካብ ዝተሸሸለቶ ሰልሚ ከውጽኣ ዝኽእል ዓቕሚ ስኢና ትርከብ።

ትማሊ ታሽዓይ ናይ ሊግ ስዕረታ ዕረ እናጠዐማ ክትምዕን እንከላ፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ወቕቲ'ውን ኣብ ኩሉ ውድድር (ካብ 30 ግጥማት ማለት'ዩ) መበል 15 ስዕረታ ሰቲያ። እዚ ከኣ ምስቲ ኣብ ብሉጽ ቁመና እንከላ ኣብ 169 ግጥማት ዝተሳዕረቶ ማዕረ ኮይኑ ይርከብ። ኣብታ ጋንታ ዝኸፈአ ናይ ምስልጣን ግዜኡ ዘሕልፍ ዘሎ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ኣብ ታሪኹ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ምስታፍ ንኽይወጽር፡ ኣብተን ተሪፈን ዘለዋ 10 ናይ ሊግ ግጥማት ዓቢ ዕዮ ገዛ ይጽበዮ ኣሎ።

# ዣቪ፡ ናብ ምስልጣን ክምለስ ምዃኑ ኣፍሊጡ

ናይ ቅድም ዓለማዊ ክለብ ባርሴሎና - ዣቪ ሀርናንደዝ፡ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ክረምቲ ናብ ምስልጣን ክምለስ መደብ ከምዘለዎ ኣፍሊጡ።

ዣቪ፡ ምስ ምዝዛም ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ባርሴሎና ድሕሪ ምብራሩ፡ ዛቢት ናብ ስራሕ ኣይተመልሰን ዘሎ፡ ወላ'ኳ ስሙ ምስ ብዙሓት ክለባት ተኣሳሲሩ ደለዩል እንተነሃለው።

እዚ ካብ ማዕከናት ዜና'ውን ርሒቑ ዝጸንሐ እስጳኛዊ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ምስ 'ፉትቦል ፈረንሳ' ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ብዝገበሮ መጻኢኡ ቃለመሕትት ኣካፊዱ ነይሩ። "ዝመጽእ ክረምቲ ክምለስ መደብ ኣለኒ። ኣብዚ እዋን ንናይ ዕረፍቲ ግዜይ ኣብ ምስትምቓር እየ ዘለኹ፣ እንተኾነ ናብ ስልጠና ክምለስ ተሃዊኸ ኣለኹ" ኢሉ።

ዣቪ፡ ዳግማይ ኣብ ላ'ሊጋ ካብ ባርሴሎና ወጻኢ ክሰልጥን ድሉው ምዃኑ'ውን ተዛሪቡ። "ዝኾነ ዝተሰማማዕኩዎ መደብ የለን፣ ንዝኾነ ስራሕ ክፉት እየ ዘለኹ። ንምንታይ ኣብ ላ'ሊጋ ወላ ዘይከውን? ጥራይ መሳጢ ዕላማ/ፕሮጀክት ይሃልዋ። ኣነ ድማ ዋናጩ ክዓትር ባህጊ ኣለኒ፣ ቀዳማይ ዕላማይ'ውን ንሱ እዩ። ስለ'ዚ ዝተፈላለዩ ጠለባት ክሰምዕ እየ።" ክብል፡ ዕድላት ክመጾ ይጽበ ምህላዉ ገሊጹ።


ዣቪ፡ ኣብቲ ናይ ዕረፍቲ ግዜኡ ንኸዕሶ እግሪ ሊግ ፈረንሳ ብዙሕ ግዜ ከምዝተዓዘቦ ሓቢሩ። ኣንጻር'ታ ብሉጽ ፕሮጀክት ከምዘለዋ ዝገለጻ ፒኢሰጂ ምውድዳር ድማ ከበድ ምዃኑ ከምዝተገንዘቦ ኣፍሊጡ።

ሓደ ካብቶም ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ዝተራእዩ ብሉጻት ኣከፋፈልቲ ዝኾነ ዣቪ፡ ኣብ ሕዳር 2021 ንሮናልድ ኮማን ተኪኡ ንባርሴሎና ክሰልጣ ምጅማሩ ይዝከር። ኣብ ዝሰርሐት ምሉእ ወቕቲ ዝዀለመላ ድማ ዋንጫ ላ'ሊጋ ከምዝዕትራ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ወቕቲ ብዘይጸዋእ ድሕሪ ምዝዛሙ ግን፡ ብኡ ንቡኡ ካብ ስራሑ ተባሪሩ።

ዣቪ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ብማልያ ባርሳ 767 ግጥማት ኣካዪዱ።

# ፖጋቻር፡ ዕብለላኡ የመስክር ኣሎ






ናይዚ እዋንዚ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ዓለም ምዃኑ ዝእመነሉ ኣባል ዩኤይኢመሪትስ - ታደይ ፖጋቻርርርር፡ ትማሊ ንሓደ ካብ ዝዓበዩ ናይ ክላሲክ (ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር) ስትራደ ቢያንቸ ብምዕዋት፡ ዕብለላኡ ኣመስኪሩ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ንዓለም ዘገረመ ብቕዓት ዘርኣየ ፖጋቻ፡ ኣብዚ ዓመትዚ'ውን ተወሳኺ ታሪኽ ክሰርሕ ኣንቂዱ ምህላዉ'ዩ ዘንገረሉ። ዝሓለፈ ወርሒ ንዙር ኢማራት ዝተዓወተ እዚ ስሎቬንያዊ፡ ነዚ ኣብ ኢጣልያ ዝሰላሰል ናይ ክላሲክ ውድድር፡ ኣቐዲሙ ክልተ ግዜ (ኣብ 2022ን 2024ን) ተዓዊቱሉ ነይሩ። ትማሊ ከኣ ንሳልሳይ ግዜኡ ብምዕዋት፡ ብዙሓት ዓወታት ምስ ሰዊዘርላንዳዊ ናይ ቅድም ተቐዳዳማይ ፋብያን ካንቸላራ ተመዓሪሩ ኣሎ።

ትማሊ ንመበል 19 ግዜኡ ዝተኻየደ እዚ ውድድር፡ 213 ኪሎሜተር እዩ ሸፊኑ። ከምቲ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ብመጥቃዕቲ ዝዘውም ፖጋቻ ክዕወተሉ ከኣ ብኡጋ ተገሚቱ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ዓሚ መጥቃዕቲ ፈጺሙ ብምህዳም 81.1 ኪሎሜተር በይኑ ተጓዒዙ ብዘይ ተቓጻጺ ተዓዊቱሉ ብምንባሩ። ዓወት ፖጋቻ፡ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ውድድር፡ ሓደ ተቐዳዳማይ እቲ ዝነውሐ ርሕቀት በይኑ ተጓዒዙ ዝተዓወተሉ እዩ። ኑቲ ኣብ 2022 ባዕሉ ዝሰርሖ ን49.2 ኪሎሜተር ተጓዒዙ ዝተዓወተሉ ክብረ-ወሰን ኣማሓይሹዎ ማለት እዩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ውድድር፡ ጸወታ ክዛዘም 50 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ፡ ኣኽሸራቲቱ መውደቕቲ ኢጋጢምዎ ዝነበረ ታደይ፡ ካብቲ ዘጋጠሞ ሓደጋ ተንሲኡ እዩ ተዓዊቱ። እዚ ወዲ 26 ዓመት መንእሰይ፡ ክሳብ ናይ መወዳእታ 18 ኪሎሜተር ምስ ናይ 2023 ዕውት እዚ ውድድር ብሪጣንያዊ ተቐዳዳማይ ኪው-36 - ቶማስ ፒደኮክ ድሕሪ ምጉዓዙ፡ መጥቃዕቲ ፈጺሙ እዩ ብዘይተቓጻጺ ተዓዊቱ። መበል 92 ፕሮፈሽናል ዓወቱ ዘመዝገበ ታደይ፡ ነዚ ውድድር ብ5 ሰዓት፡ 134 ደቒቕን 58 ካልኢትን ክዕወተሉ እንከሎ፡ ቶማስ፡ 1 ደቒቕን 24 ካልኢትን ድሒሩ ካልኣይ ኣትዩ።

ንብዙሓት ዘገርም ንገለ'ውን ዘጠራጥር ቁመና ሃሊዩ ዘሎ ታደይ፡ ዓሚ - ንጅሮ ዲ ኢጣሊያ፡ ዙር ፈረንሳን ሻምፕዮን ዓለምን ኣከታቲሉ ብምዕዋት፡ ድሕሪ 1987 ከምዚ ዓይነት ታሪኽ ዝሰርሐ ናይ ፈለማ ተቐዳዳማይ ኮይኑ። ቅድሚ 38 ዓመታት ከምዚ ዓይነት ታሪኽ ዝሰርሐ፡ ኣየርላንዳዊ ተቐዳዳማይ ስተፈን ሮች ምዃኑ ሰነዳት የረድኡ።

# ሊቨርፑል፡ መሪሕነታ ኣደልዲላ

## ንሊቨርፑል፡ መን ደው ከተብላ ይኽእል?

መራሒት ፕሪመር ሊግ ዘላ ሊቨርፑል፡ ትማሊ ንሳውዝሃምፕተን ዓዲማ 3-1 ብምዕዋት፡ ዋንጫ ናይ ምዕታር ጉዕዞኣ ኣቀላጢፋቶ።

ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ኣብ ሜዳኣ ንሊቨርፑል ቀላል ዘይምዃና ዘርኣየታ ሳውዝሃምፕተን፡ ትማሊ'ውን ኣብ ተወሳኺ ደቓይቕ ናይ ቀዳማይ እብረ ሸቶ ብምምዝጋብ፡ ጉዕዞ ሊቨርፑል ከተዘሕል ፈቲና ነይራ። ዊል ስሞልቦን፡ ኣብ ልዳት ኣንጻር ጋንታ መንነ ቫን ዳይክን ሓላዊ ማዕጾ ኣሊሶንን ንዝተፈጥረ ዘይምርዳዳእ ተጠቒሙ፡ ኩዕሶ ብመንጎ ኣእጋር ኣሊሶን ኣሕሊፉ መራሕነት ኣትሒዝዋ - ንሳውዝሃምፕተን።

ዓለምኣ ብሰንኪ መቕጻዕቲ ምስ ተዓዘበቲ ኣብ ሳልሲ ኮይኑ ዝዕዘብ ዝነበረ ሊቨርፑል፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ምኽሪ ዓለምኣ ብዝግባእ ከተተግብር ኣይተጸገመትን። ዳርዊን ኑኘዝ ድሕሪ ሽዱሽተ ደቓይቕ ማዕረ ዝገበረት ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ ንዝተኸፍተ ልዳት መጋጥምታ፡ ሸቶ ክትወስኸሉ ተጻዊያት። ሳላሕ፡ ንዝተረኽበ ክልተ ፍጹም ቅላዕ ጉል ብምቕጻሩ ድማ 3-1 ተዓዊታ። ሊቨርፑል ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ንሳውዝሃምፕተን 3-2 እያ ሰዒራታ ነይራ።

29 ግጥማት ኣካይዳ ዘላ ሊቨርፑል፡ ብ70 ነጥቢ ነዚ ሊግ ትመርሖ። ሎሚ ናብ ማን ዩናይትድ እትገዓዝ ኣርሰናል ከኣ ብ16 ነጥቢ ድሒራ ትስዕብ። ኣርሰናል 27 ግጥማት እያ ኣሰላሲላ ዘላ። ሊቨርፑል በዚ ሒዝቶ ዘላ ቁመና ድማ ዋንጫ ካብ ምልዓል ዝዕግታ ከምዘየለ ይትንተን።

ኣብዚ ወቕቲ መሳጢ ቁመና ሃሊዩ ዘሎ ሳላሕ፡ ንበዝሒ ናይ ሊግ ሸቶታቱ ናብ 27 ሸቶታት ክብ ኣቢልዎ ኣሎ። ንዛላደን ብ7 ሸቶታት በሊጹ ንዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ዝመርሖ ዘሎ ግብጻዊ፡ ብ17 ቀረብ ሸቶ'ውን ኣብ ቅድሚ ይርከብ። ሳላሕ፡ በዚ ብሉጽ ቁመና ንሽልማት ባሎን ዲ'ኦር 2025 ክዕወተላ ብኢጋኡ ትጽበት ይግበረሉ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ናይ ፍጻመ ጸወታ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል**

ደንደን - ኢኽሹራኽስ (ደቂ ኣንስትዮ) 1:00 ድ.ቀ

ደንደን - ቀይሕ ባሕሪ (ደቂ ተባዕትዮ) 3:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ቶተንሃም - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ

ቸልሲ - ሌስተር 5:00 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ኣርሰናል 7:30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ራዮ ቫዮካኖ 6:15 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ናፖሊ - ፊዮረንቲና 5:00 ድ.ቀ

ጁቬንቱስ - ኣላታንታ 10:45 ድ.ቀ

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ፋማሊ
ፋርማሲ ሚለንዩም
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት

**ዕለት**
09/03/2025

**ጎደና**
ጎደና 195፡ 6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ኈ ቤት መግቢ ሊባኖስ
ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ ኮሚስዩድ
ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ

**ቁ.ስልኪ**
110740
07153448
125154

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services